
# ንህግደፍ ድሕሪ መጋረጃ ተሓቢኡ ዝጸርፍ እምበር፡ ፊት ንፊት ገጢሙ ክስዕር ዝኽእል ሓይሊ ከቶ የልቦን።

ፋሲል ቀለታ 2/12/2019

መስርሕ ሰላም ምሕዝነትን ኣብ መንጎ መንግስታትን ህዝብታትን ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ዝጅምር 8ይ ወርሑ ሒዙ ንኻልኦት ናይቲ ዞባ ሃገራትን ህዝብታትን ብኣወንታ እናጸለወን እናጸንበረን ቀጻልን ቅልጡፍን ምዕባለታት የመዝግብ ኣብ ዘለውሉ እዋን፡ ዝበዝሑ ህዝብታት ናይዚ ዞባ ሰላም ብምምጽኡ ዝተሓጎሱን ዘላቕን ውሑስን ንኽከውን ይምነዩን ይሰርሑን ኣለዉ።



በቲ ካልእ ከኣ እቲ ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ሓደ ንኡስ ጭፍራ ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ኩሉ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ወትሃደራውን ጸጥታውን ስልጣን ገቢቱ ብምሓዝ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብብሔርን ዓሌትን ከፋፊሉ ክምዝምዞን ከሳቕዮን ብምጽናሕ፡ ንጎረባብቲ ሃገራት ጎብለል ናይቲ ዞባ ምኻኑ ከረጋግጽ ዘይመሬቱ ክወርርን ሓሶታት እናቐመረ ከዳሚ ናይ ጎይቶቱ ኮይኑ መንግስትታት ክቕይርን ህዝብታት ከጋፍዕን ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ክፈላሊ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዘካየዶ ዘስካሕክሕ ፋሽስታዊ ግፍዕታት ኣብ ታሪኽ ክርሳዕ ዘይክእል ዓበይቲ ዘርዚርካ ክውድኡ ዘይክእሉ ታሪኻዊ ገበናት ፈጺሙ ከይኣኽሎ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ከተግብሮ ዝሃቀነ ተግባራት ሚሊዮናት ገንዘብ ሰሊዑ፡ ገሊኦም ተጋሩ ክነሶም ተዛረብቲ ትግርኛ ጥራይ ብምዃኖም ከም ኤርትራውያን ኮይኖም ኣብ ሶሻል ሜድያ ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዝሰርሑ፡ ካልኦት ከኣ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ብትውልዶም ኤርትራውያን ዝኾኑ ታርጋ ዝተለጠፎም ዕሱባት ኣብ ክሳዶም ሻርባ ኣሲሩ ኣብ መቐለን ዓዲ ግራትን እናኣከበ ኣንጻር ሃገርን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክሰርሕሉ፡ ኣብ ዓለም ንመልከዕ ህዝባዊ ግንባርን መሪሕነት ህዝቢ ኤርትራ ንኸጸልሙን ብዓቢኡ ከኣ ነቲ ግሩህ ኤርትራዊ መንእሰይ ብሓሶታት ከደናግሩን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክዘርጉን ትካላዊ ብዝኾነ ኣሰርራሓ ክነጥፉ ዝኽእሉ ዕሱባት ኣኽላባት ኣጥርዩ ኣብ ወጻኢ ኮይኖም ን20 ዓመት እንታይ ክገብሩ ከም ዝጸንሑን ከም ዘለዉን፡ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ኤርትራዊ ክከታተሎም ጸኒሑ ኢዩ። እዞም ጸረ ሰላም ዝኾኑ ትርጉምን ቅኑዕ ትሕዝቶ ናይ ስምምዓት እናቐየሩ ንገርህኛታትን ከጋግዩ ዘይገበርዎን ዘይኣለምዎን ውዲታት ጸብጺብካ ኣይውዳእን ።

ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ኣምበሳደራትን ካልኦት ተቓለስቲ ኤርትራውያንን፡ ንቕኑዕ ትርጉም ናይቲ ዝተበጽሐ ሰላምን፡ ኤርትራ ህዝባን ካብዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላምን ምሕዝነትን ክርከብ ዝኽእል ረብሓታት፡ ከምኡውን መንግስቲ ኤርትራ ንህዝቡ ሓበሬታ ኣይህብን'ዩ እናተባህለ ዝሸቐጡሉ፡ ነቲ ብስምዒታት ዝዝረብ ዘይኮነስ ኣብ ዝተጨበጡ ሓቅታት ንህዝቦም ሓበሬታ ክህቡን ከረድኡን ሓላፍነቶም ስለ ዝኾነ ከምቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ውን ኣብ ብዙሓት ከተማታት ምስ ህዝቦም እሂን ምሂን ክበሃሃሉ ሰሚናራት ከካየዱ ጸኒሖምን ይቕጽልዎን ኣለው። እዚ ከኣ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ዝጀመረ ዘሎን ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዝካየድ ንቡርን ልሙድን ባህሊ ናይ ኤርትራ ኢዩ።

እዚ ዝካየድ ሰሚናራት ነቲ ኩሉ ክንዛሕ ዝጸንሐ ሓሶታት ቀላሊዑ ስለ ዘብርሆን ዜጋታትና ከኣ እቲ ቅኑዕ መረዳእታ ስለ ዝሕዙን፡ ነዞም ከደናግሩ ዝጸንሑ ከዳዓትን ዑሱባትን ሕማም ርእሲ ኮይንዎም ኣሎ። ሓደ ካብዞም ከዳዓት **ደስበለ መሓሪ (ሻንቅ)** ኢዩ። ሓቕታት መታን ከይቕላዕ ወከልቲ ኢሰያስ ኣብ ዘካይድዎ ሰሚናራት ኣይትኺዱ ንህ.ግ.ደ.ፍ ኣይተምልኹ እናበለ ክግዕርን ክጽሕፍን ጸንሑ ኣሎ።

ደስበለ መሓሪ ሓደ ካብቶም ሻርባ ናይ ወያነ ተጠምጢሙ ኣብ መቐለን ዓዲ ግራትን ዝመላለስን ኣብ በረኸት ስምኦን ዝወደበሉ ኣኼባታት ዘውደኽድኽን ዝነበረ ኣብ ኣኼባታት ናይ መቐለን ኣሰላን ምስ ሻርብኡ ከሎ ኣብ ተለቪዥዮን ተራእዩ ብዙሕ ህዝቢ ዝኸዓቦን ብፍላይ ከኣ እተን ብቐርባ ዝፈልጥኦ ዝነበራ ጀጋኑ ተቓለስቲ ኣዴታት ዓዲ ጥልያን ትፋእ ናይ ወያነ ክልሕስ ስለ ዝርኣይኦ ዓኽ ጡፍ ኢለናሉ ኢየን ።

# ንህግደፍ ድሕሪ መጋረጃ ተሓቢኡ ዝጸርፍ እምበር፡ ፊት ንፊት ገጢሙ ክስዕር ዝኽእል ሓይሊ ከቶ የልቦን።

ፋሲል ቀለታ 2/12/2019

ኣብቲ ብዕለት 27 ጥሪ 2019 ኣብ ሚላኖ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናር ዑሱባት ደቒ መዛሙርቱ ኣትዮም ከዕገርግሩን እንተዘይተኻእለ ከኣ ጸብጻብ ሒዞምሉ ክመጽኡ ዝልኣኾም ካብቲ ኣፍደገ ኣዳራሽ ስለ ዝተሰጎጉ፡ ሕርቓን ክስምዖን ከንጸርጽሩን ባህርያዊ ኢዩ።

ከዳዕ ደስበለ መሓሪ ሻንቆ፡ ንደቂ መዛሙርቱ ድኣ ተሓቢኡሎም ይኸውን`ምበር ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ብዙሕ ጠባይ ገይሩ  ተሓቢኡ`ዩ ጸኒሑ፡ ምኽንያቱ ድማ ካብ ሓደ ጉጅለ ናብ ካልእ ጉጅለ ተገማጢሉ መጀመርያ ምስ ጉጅለ መስፍን ሓጎስ፡ ብድሕሪኡ ምስ ስመር፡ ቀጺሉ ምስ መድረኽ፡ ኮታ ዳርጋ ንኹለን ናይ ተጻብኦ ጉጅለታት በጺሕውን ከምቲ ዝሃርፎ ቦታ ስለ ዘይረኸበ፡ ኣብዚ መጨረሽታ ዓመት ዝተፈላለዩ ሰባት እናልኣኸ ብዝገበርክዎ ተጣዒሰ`የ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ንኽምለስ እናበለ ብሕቡእ ክንቀሳቐስ ጸኒሑ ኢዩ፡ መልሲ ስለ ዘይረኸበ ወይ ስለ ዘይቐንዖ ከኣ፡ ነቲ ብስቱር ተኸዲንዎ ዝሓገየ ቆርበት በጊዕ ኣውጺኡ ነቲ ናይ ቀደሙ ናይ ተኹላ ተኸዲኑ ከም ብሓዲሽ ተቐልቂሉ ኣሎ። ሻንቖ ኩሉ ሕልምታትካ ምስ ኀይቶትካ ጭፍራ ወያነ ካብ በነነ፡ እንታይ`ሞ ክንብለካ! ዕምርኻ ተስፋኻን ካብ መራሕቲ ጭፍራ ወያነ ካብ ኮነ ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን፡ ኣብ መቐለ ኬድካ ልቾንሳ ሕተት። ጻማ ክድዓት`ን ጥልመትን መለስኡ ፍሽለትን ውርደትን ስዕረትዩ`ሞ፡ ምሕረት የውርደልካ።

**ኣብ መደምደምታ፣**

እዚ ዝተረኽበ ሰላም ገለ የውሃት ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና ጌሮም ይወስድዎ፡ እቲ ሓቂ ግን ሳላ ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ዝተቓለሰን ዝመከተን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝርከብ ጽኑዕ ህዝቢ ኤርትራን፡ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻሉን፡ ንቑሕን ኣርሒቑ ዝርኢ ተጋማጣሊ ባህሪ ዘይብሉ ሓያልን ምኩርን መሪሕነቱን በቲ ሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ከኣ ግፍዕን ጭኮናን ናይ ስርዓት ወያነ ዝመረሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተቓውምኡ ብምልዕዓል ንጭፍራ ወያነ ካብ ስልጣን ጉሒፉ ሓዲሽ መሪሕነት ብምምጽኡ፡ ካብ ቅድሚ ሎሚ ዝነበሩ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንክውንነት ተረዲኡ ንሰላምን ምሕዝነትን ምስ ጎረባብቲ ህዝብታት ተሳንዩ ንምንባር ዝመረጸ ለባም መራሒ ስለ ዝረኸበት፣ ዘባ ኣፍሪቓ ብተረኺቡ ዘሎ ሰላም ናብ ብሩህ መጻኢ የማዕዱ ኣሎ። ሓይልታት ጸረ ሰላም ከኣ ከም ኣመሎም ጽሩይ ማይ ንምዝራግ ጻዕርታቶም ከም ዝቕጽሉ ርዱእ ኮይኑ፡ ክሳብ ዓረር ዝውዳእ ገበጣ ካብ ምጽዋት ኣይከዕርፉን ኢዮም፡ ኣብ መጨረሽታ ዝዕወቱ ከኣ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን መሪሕነቱን ኢዮም፡፡

ሰላምን ምሕዝነትን ህዝብታት ዞባ ቅርኒ ኣፍሪቓ ይዓምብብ !!

ክብርን መጎስን  ንሓይልታት ምክልኻልና !!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !!

ፋሲል ቀለታ !

08/02/2019